## ብምኽንያት መንግስቲ ኢትዮጵያ ንጐንጺ ኢትዮ-ኤርትራ ኣመልኪቱ ብ26 ሕዳር ዝበጽሖ ዉሳኔ መሰረት ገይሩ ዝወጸ ኣገዳሲ ሓባራዊ መግለጺ

ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን ጸሕታሪ ኲናት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብሓይሊ ብረት ብኢ.ደ-ወነኑ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ካብ ዝድይብ ኣትሒዙ፣ ብዉሽጢ ምስ መላእ ፈተውቲ ሰላምን ደሞክራስን ፍትሕን ዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቶምን፣ ብወጻኢ ኸኣ ምስ ኩሎም ጐረባብቲ ሃገራት ሓዊ ኣጕዱ፣ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ኣሳጢሑዎ ከም ዘሎ፣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ዓለምን ዘይተኸወለ ሓቒ'ዩ። እቲ ስርዓት ህግደፍ ዝወለዮ ንክልተ ዓመታት ዝቐጸለ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ብስዕረቱ ድሕሪ ምዝዛሙ፣ ንህላዌኡን ቀጻልነቱን ክብል ተገዲዱ ናይ ሰላም ስምምዕ ዝፈረመሉን ብጣዕሚ ሓደገኛን ኣዕናውን ኲናት'ዩ ነይሩ። እዚ ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያት ዝጠፍኡሉን ዝሰንከልሉን፣ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ህዝብና ዝተፈናቐለሉን፣ ልዕ ሊ 100 ሽሕ ህዝብና ከኣ ዝተሰደደሉን ቁጠብኡ ባይታ ክዘብጥን ተመጽዋቲ ክኸውንን ዝተገደደሉን፣ ንናይ ምብትታን ሓደጋ ዝተቓለዓሉን፣ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ጸሊም ሕላገት ሓዲጉ ዝሓለፈ ኲናት'ዚ፣ ሕጂ እንደገና ከይድገም ፈታዊ ሰላም ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ከይተሓለለ ክቃለሰሉ ዘለዎ እዩ።

ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ኣዕናዊ ኲናት፣ ብናይ ኣልጀርስ ስምምዕ፣ ጉዳይ ዶብ ብናይ ክልቲኡ ሃገራት ስምምዕን ሕቡራት መንግስታትን ብዝተጣየሸ ኰሚሽን ዶብ ብይን ድሕሪ ምርካቡ፣ ኢትዮጵያ እቲ ናይ ዶብ ጉዳይ ካብ መጀመርያ ኣትሒዛ ብሰላም ክፍታሕ ብኣጽንኦት ዝተቓለሰትሉን ክትቅጽሎ ምዃና ብወግዒ ንመላእ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ደጊማ ዘፍለጠትን እኳ እንተነበረት፣ ነቲ ዉሳኔ ተቐቢላ ኣብ ምፍጻሙ ዝተራእየ ጸገማት ግን፣ መስርሕ ሰላም ናብ መጨረሽታ መዕረፊኡ ከይሰጋገር ካብ ዝገትኡ ሽግራት ሓደ ኰይኑ ከም ዝጸንሐ ርእሰ-ግሉጽ ሓቒ'ዩ። እዚ ጸገም'ዚ ንፈታዊ ሰላም ዝኾነ ዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ኣገዳሲ ተርኡ ክጻወት ዝኽእል ማሕበረ-ሰብ ዓለምን፣ መሊኦም ግዲኦም ከይጻወቱ'ውን ክሓጽሮም ባህርያዊ ኰይኑ'ዩ ጸኒሑ። ልዕሊ ኩሉ ኸኣ ጠንቂ ናይ ዘይምርግጋእ ዞባና ኰይኑ ንዝጸንሐን ዘሎን፣ ብባህሪኡ ጸረ ሰላም ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ፣ ንናይ ኰሚሽን ዶብ ዉሳኔ እንዳመዝመዘ ሰፊሕ ናይ ኲናት ምልዕዓላት ፕሮፖጋንዳ ክገብር ከም ዝጸንሐን ዘሎን ጸሓይ ዝወቐዮ ሓቒ እዩ።

ኢትዮጵያ ንናይ ኰሚሽን ዶብ ዉሳኔ ኣብ ዝጸንሓ ቅዋም፣ ዳግም ምትዕርራይ ገይራ ብመትከል ምቕባላን፣ ንዝህሉ ጉዳያት ብልዝብን ሰላማዊ መንገድን ጥራሕ ክፍታሕ ምዉሳናን፣ ኣብ መስርሕ ሰላም ኢትዮ-ኤርትራ ኣገዳሲ ኣዎንታዊ ምዕራፍ ብምዃኑ፣ ክልቲኦም ሕብረ-ብሄራዊ ደሞክራስያዊ ውድባትና ህደግሓኤ-ሳግምን ሰደግኤን ብሓጐስ ይቕበልዎ። ኣብ ተግባራውነቱ ከጋጥሙ ንዝኽእሉ ጸገማት ብቀጻሊ ሰላማውን ደሞክራስያውን መንገዲ ብዝካየዱ ሕጋውን ፍትሓውን ልዝባት ናይ መጨረሽታ መዕረፊኦም ክበጽሑ ድማ፣ መላእ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ተርኡ ክጻወት ይጽውዑ። ጉዳይ ዶብ ካብ ብሕጋውን ሰላማውን መንገዲ ወጻኢ፣ ካልእ መፍትሒ የብሉን። ኲናት እንትርፎ ጥፍኣትን ብርሰትን፣ ረብሓታት ክልቲኡ ህዝብታት ዝረጋገጸሉ ኣይኮነን። ስለዚ፣ ሕጂ'ውን ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን ስርዓት ህግደፍ፣ ዳግም ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንሓደጋ ኣብ ዘሳጥሕ ኣዕ ናዊ ኲናት ካብ ዝደፋፍእ ጸሕታሪ ባህሪኡ ተቖጢቡ፣ ንናይ ኰሚሽን ዶብ ብይን መሰረት ብምግባር፣ ኣብ ባይታ ኣብ ኣፈጻጽምኡ ንዘጋጥሙ ጸገማት ብሰላማዊ መንገዲ ኣብ መዕረፊኡ ክበጽሕ ንልዝብ ቅሩብ ክኸውን የድልን ይግባእን።

ካብኡ ሓሊፉ እቲ ብሰንኪ'ዚ ጸሕታሪ ኲናት ስርዓት'ዚ እናሻዕ ግዳይ ናይ ዘዝጸሕተሮ ኲናት ዝኸውን ዘሎ፣ ንሰላምን ንጽቡቕ ሕውነታዊ ጉርብትናን ሓባራዊ ምዕባሌን ጠጠው ዝበለ ህዝቢ ኤርትራ፣ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብዚ ስርዓት'ዚ ተገላጊሉ ዘላቒ ሰላም ክረክብ፣ ኣብ ጐኒ ተቓለስቲ ሓይልታቱ ኰይኑ ክቃለስ ክለዓል ንጽውዕ።

| | |
|---|---|
| ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት | ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት |
| ሰደግኤ | ህደግሓኤ-ሳግም |

28 ሕዳር 2004